Kainuun sote

27.11.2020

# መምርሒ ኮሮና(COVID19 - ኣብ ካይኑ

## ናይ ኮሮና ቫይረስ ምልክታት

ኮሮና ቫይረስ ተመሓላላፊ ሕማም ኮይኑ፡ ምልክታቱ ኽአ እዞም ዝስዕቡ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም

- ረስኒ
- ሰዓል
- ሕጽረት ትንፋስ
- ጸረርታ አፍንጫ
- ውጽአት
- ናይ ምሽታት ወይ ከአ መቀረት ስምዒት ምጥፋእ

ኮሮና ቫይረስ ንአረገውትን ወይ ከአ ሕዱር ሕማም ዘለዋም ሰባት ሐደገኛ ከኸውን ይኽእል እዩ። ኮሮና ቫይረስ ዝሓመመ ሰብ ምስ ዝህንጥስ ወይ ድማ ዝስዕል ናብ ካልእ ሰብ የመሐላለፍ ። ከምኡዉን ኮሮና ቫይረስ ብምትንኻፍ ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ።

## ናይ ኮሮና ቫይረስ ምልክታት እንተድአ አለኒ፡ እንታይ ከገብር አለኒ?

እንተድአ ናይ ኮሮና ቫይረስ ምልክታት አለካ/ኪ እንተኾይኑ ናብ ምርመራ ኪድ/ዲ።

1.ደዉል/ሊ

- ናብ ሆስፒታል ብቁጽሪ ስልኪ 116 117 ወይከአ 040 165 00 20
- ናብዘን ቁጽርታት ምስትድውል/ሊ ብቋንቋታት ፊንላንድን እንግሊዘኛን ነገልግል።

  (ናይ ህጹጽ ሂወት አብ ሐደጋ ጥራይ ምስ ዝህሉ ናብ 112 ደውል/ሊ)

2. ናብ ምርመራ ኮሮና ኪድ/ዲ

   - ናብ ካያኒ ሆስፒታል ወይከአ ናብቲ ናትካ/ኪ ምምሕዳር መደበር ጥዕና

3. ድሕሪ ምርመራ ኮሮና ብቀጥታ ናብ ገዛ ብምኻድ ናይ ምርመራ ዉጽኢት ተጸበ/ይ ።

4. ካብ ገዛ ክትወጽእ/ጺ እትኽእል/ሊ እቲ ናይ ኮሮና ምርመራ ዉጺኢት ነገቲቭ (ነጻ) ምስትኾውን/ኒ ጥራይ እዮ።

Kainuun sote

27.11.2020

## ካብ ሕማም ኮሮና ብኸመይ ይከላኸል?

- ካብ ካልኦት ሰባት 2 ሜትሮ ርሕቀት ሐልው/ዊ ወይከአ ናይ አፍን አፍንጫን መሸፈኒ (ማስከ) ተጠቀም/ሚ።
- ምስ ሰባት ምርኻብ አጉድል/ሊ። ቡዙሓታት ሰባት ዘለውዋ ቦታታት አወግድ/ዲ።
- ካብ ምጋሽ ተቆጠብ/ቢ እንድሕር ናይ ግድነት ዘይኮነ።
- አእዳውካ/ኪ ቀጻሊ ብማይን ሳምናን ብጥንቃቀ ተሓጸብ/ቢ።
- ኢድካ/ኪ ከትሕጸብ/ቢ እንተዘይኪኢልካ/ኪ ናይ ኢድ አልኮል ተጠቀም/ሚ።
- ከትስዕል/ሊ ወይከአ ከትህንጥስ/ሲ ከለኻ/ኺ አፍካ/ኪ ሸፍኖ/ዮ ። ንአብነት ናይ አፍንጫ  መንዲል ወይከአ እጅገኻ/ኺ ተጠቀም/ሚ። ናብ ከብዲ ኢድካ/ኪ አይትስዓል/ሊ አይትሃንጥስ/ሲ።
- ዓይንኻ/ኺ አፍንጫኻ/ኺ ወይድማ አፍካ/ኪ አይትተናኽፍ/ፊ።

## መምርሒታት

1. ካብ ሰባት ርሕቀትካ/ኪ ሐልው/ዊ



2. እንድሕር ርሕቀት ከትሕሉው/ዊ ዘይከአልካ/ኪ ናይ አፍን አፍንጫን መሸፈኒ (ማስክ) ተጠቀም/ሚ



3. የእዳውካ/ኪ ተሓጸብ/ቢ ከምኡውን ናይ ኢድ አልኮል ተጠቀም/ሚ

የእዳውካ/ኪ

ተሓጸብ/ቢ



Kainuun sote

27.11.2020

4. እንድሕር ሓሚምካ/ኪ ወይከአ ናይ ኮሮና ምርመራ ውጺኢት ትጽበ/ይ እንድሕር አለኻ/ኺ ኮይንካ/ኪ ካብ ገዛ ከይትወጽእ/ጺ

